Cyngor Abertawe
Swansea Council

## ኣብ ስዋንሲ ብሕጋዊ መገዲ ዚነብር ዕድሚኡ 16 ዓመትን ልዕሊኡን ዝኾነ ሰብ ኣብቲ ዚመጽእ ዘሎ ናይ መንግስቲ ምርጫ ኺመርጽ ከም ዚኽእል ትፈልጥዶ ?

## ዞባዊ መንግስቲ እንታይ እዩ?

ኣብ ስዋንሲ ዘሎ ዞባዊ መንግስቲ ወይ 'ናይ ከባቢ ሰበ-ስልጣን' ከተማን ኣውራጃስዋንሲ (ቤት ምኽሪ ስዋንሲ) ኢዩ። ዋዕላ ስዋንሲ በቶም ኣብ ምርጫታት ናይቲ ከባቢ መንግስቲ ዝምረጹ ኣማኸርቲ ኢዩ ዝምራሕ ። 'ኣባላት ቤት ምኽሪ' ተባሂሎም እዮም ዚፍለጡ።

ኣባላት እቲ ቤት ምኽሪ ኣብ ክንዲ ህዝቢ ስዋንሲ ኾይኖም ብዛዕባ እቲ ኣብቲ ኸባቢ ዘሎ ኣገልግሎታትን ምሕደራ ሰልዲን ሓፈሻዊ ደረጃ ኣገልግሎት ባይቶን ውሳነ ይገብሩ ።

## ብ5 ግንቦት 2022 እተገብረ ምርጫታት መንግስቲ

ብ5 ግንቦት 2022 ህዝቢ ስዋንሲ መን ከም ኣባላት ቤት ምኽሪ ኾይኑ ኸም ዚምረጽ ኪመርጹ እዮም። ደቂ 16ን 17ን ዝኾኑ ሰባትን ኣብ ስዋንሲ ብሕጋዊ መገዲ ዚነብሩ ብዙሓት ወጻእተኛታትን ህጂ ንመጀመርታ ግዜ እዮም ኣብ ምርጫታት መንግስቲ ኺመርጹ።

75 ኣባላት ቤት ምኽሪ ኺምረጹ እዮም። ነፍሲ ወከፍ ኣማኻሪ ነቲ 'ክፍሊ ምርጫ' ተባሂሉ እውን ዝጽዋዕ ፍሉይ ቦታ ክውክል ኢዩ ዝምረጽ። ስዋንሲ ኣብ 32 ቦታታት/ክፍልታት ኪመቓቐል እዩ። ስለዚ ገሊኡ ኽፍልታት ንዕኦም ዚውክል ልዕሊ ሓደ ኣባል ቤት ምኽሪ ኺህልዎ እዩ።

ኣብ ገሊኡ ኸባቢታት ስዋንሲ’ ውን 'ዋዕላ ማሕበረሰብ' ኣሎ። ዋዕላ ማሕበረሰብ በቶም ኣብቲ ኸባቢ ዚነብሩ ወይ 'ኣማኸርቲ ማሕበረሰብ' ዚምርሓ ብወለንታ ዚምርሓ ውድባት እዩ። እተፈላለየ ዓይነት ኣገልግሎት ናይ ምሃብ ከምኡ’ ውን ነቲ ኣብቲ ኸባቢ ዘሎ ምሾት ናይ ምድላውን ናይ ምዕቃብን ሓላፍነት ኣለዎም። ኣብዚ መዳይ እዚ ባይቶ ማሕበረሰብ ውን ምርጫ ኺግበር እዩ ።

ዋዕላ ማሕበረሰብ ኣብ ዘለዎ ኸባቢ ስዋንሲ ትነብር እንተደኣ ኾንካ ኽትመርጽ ከለኻ ኽልተ ወረቐት መምረጺ ኽትረክብ ኢኻ:

- ሓደ ነቲ ኣብ ዋዕላ ስዋንሲ ዚርከብ ከባቢኻ ዚውክል ኣማኻሪ ንምምራጽ።
- ሓደ ነቲ ኣብ ዋዕላ ማሕበረሰብካ ዘሎ ኸባቢ ዚውክል ኣማኻሪ ማሕበረሰብ ንምምራጽ።

## ምርጫታት መንግስቲ ኣገዳሲ ዝኾነ ስለምንታይ እዩ ?

እቶም እተመርጹ ኣባላት ቤት ምኽሪ ኣብ ክንዲ ማሕበረሰብኩም ብዛዕባ እቲ ኣብቲ ኸባቢ ዘሎ ኣገልግሎታትን ምሕደራ ሰልዲን ሓፈሻዊ ደረጃ ኣገልግሎት ባይቶን ዘድሊ ውሳነ ኺገብሩ እዮም። እዚእን ኣገልግሎታት ከኣ ኣብ ከም ማሕበራዊ ኣገልግሎት ወይ ትምህርቲ ዝኣመሰለ ኣብ ህዝቢ ስዋንሲ ቀጥታዊ ጽልዋ ዘለዎ ኢዩ።

## ኣብቲ ናይታ ሃገር መንግስቲ ምርጫ መን ኢዩ ክመርጽ ዝኽእል?

እዞም ዚስዕቡ ዜጋታት ኣብቲ ኣብ ስዋንሲ እተገብረ ምርጫ ባይቶ ኺመርጹ ይኽእሉ እዮም:

- ብሪጣንያዊ ወይ ኣይርላንዳዊ ዜጋ
- ናብ ዩናይትድ ኪንግደም ኪኣቱ ወይ ኪነብር ፈቓድ ዘለዎ ወይ ከምዚ ዝኣመሰለ ስጉምቲ ዘየድልዮ ዜጋ ሓባራዊ ሃብቲ
- ናብ ዩናይትድ ኪንግደም ኪኣቱ ወይ ኪነብር ፈቓድ ዘለዎ ወይ ከምዚ ዝኣመሰለ ስጉምቲ ዘየድልዮ ወጻእተኛ
- ዜጋ ሕብረት ኤውሮጳ

**ኣብ ምርጫ ናይቲ ከባቢ መንግስቲ ንምምራጽ ካብዚእ ዝስዕቡ ሓደ ክትከውን ኣሎካ :**

- ንምምራጽ ዝተመዝገብካ፣
- ኣብ መዓልቲ ምርጫ ደቂ 16 ወይ ልዕሊኡ ዝዕድሚኣም ዝኾኑ ኩሎም፣
- ኣብ ዌልስ ትነብር
- ብሕጋዊ መገዲ ንከይትመርጽ ዘይተፈለኻ።

**ብኽብረትካ ኣስተብህል:- ኣብቲ ብ05 ግንቦት 2022 ዚቖርብ ዘሎ ምርጫታት መንግስቲ ንምምራጽ፣ ክሳብ ሓሙስ 14 ሚያዝያ 2022 ዘሎ ግዜ ክትምዝገብ ኣሎካ።**

# ንኽመርጽ ብኸመይ ክምዝገብ እኽእል?

**ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ - [www.gov.uk/register-to-vote](www.gov.uk/register-to-vote)**

- ኣቲ ኣብ ዌልስ ንዝግበር ምርጫ ቤት ምኽሪ ንምምዝጋብ 14 ዓመት ወይ ልዕሊኡ ኽትከውን ኣሎካ።
- ናይ ሃገራዊ መድሕን ቍጽሪ ክትሕተት ኢኻ፣ እንተ ዘይብልካ' ውን ክትምዝገብ ትኽእል።

**ንምምዝጋብ መብዛሕትኡ ግዜ 5 ደቒቕ ኣቢሉ እዩ ዚወስድ ። ነቲ ብኢንተርነት እተዳለወ ፎርም ንኽትመልኦ በብደረጃ ዚሕግዘካ መምርሒታት ኣሎ፣ እዚ ሓበሬታት ብዝተፈላለየ ቛንቋታት ተተርጒሙ ኣሎ፣ እዚ' ውን ኣብ መርበብ ሓበሬታ ቤት ምኽሪ ስዋንሲ ክትረኽቦ ትኽእል [ኣብዚ ጠውቕ።](ኣብዚ ጠውቕ።)**

---

**ብቡስጣ ንምምዝጋብ:**

ፎርም ምዝገባ ወረቐት መሊእካ ናብቲ ኣብ ዋዕላ ስዋንሲ ዚርከብ ጉጅለ ኣገልግሎት ምርጫ ብቡስጣ ኽትልእኮ ትኽእል ኢኻ፣ እቲ ኣድራሻ' ውን ከምዚ ዝስዕብ። [ነቲ ፎርም ኣውሪድካ ንምሕታም ኣብዚ ጠውቕ](ነቲ ፎርም ኣውሪድካ ንምሕታም ኣብዚ ጠውቕ) .

**Electoral Services**
**Room 216**
**Guildhall**
**Swansea**
**SA1 4PE**
**United Kingdom**
[Email: elections@swansea.gov.uk](mailto:elections@swansea.gov.uk)

---

**ብስልኪ ንምምዝጋብ:**
ብተሌፎን ንክትምዝገብ ንጉጅለ ኣገልግሎት ምርጫ ኣብ ታሕቲ በቲ ዘሎ ቍጽሪ ተሌፎን ክትድውል ትኽእል።

ኣገልግሎት ምርጫ ቍጽሪ ተሌፎን: **01792 636123**
**ብኽብረትካ ኣስተብህል:- ብቴሌፎን ንክትምዝገብ ትኽእል ብእንግሊሽ ወይ ብዌልሽ ጥራይ ኢኻ። ብተሌፎን ንምምዝጋብ ኣገልግሎት ትርጉም የልቦን ።**

# ብኸመይ ክመርጽ እኽእል?

**ብኣካል ምምራጽ:**

ኣብ መደበር ድምጺ መውሃቢ

ብኣካል ክትመርጽ ክለኻ ኣብቲ ኣብ መዝገብ ምርጫ ዘሎካ ኣድራሻ ተመርኲስካ ናብቲ እተመደበልካ መደበር ድምጺ መውሃቢ ትኸይድ።

ናብ ምርጫ ቅድሚ ምኻድካ እቲ እትመርጸሉ ቦታ ኣበይ ከም ዘሎ ኣረጋግጽ። ካብቲ እትነብረሉ ቦታ ዝርሕቕ ክኸውን ይኽእል፣ ካብቲ ዝሓለፈ ግዜ ዝመረጽካሉ እዋን ውን ተቐዪሩ ኪኸውን ይኽእል። ናብቲ እተመደበልካ ናይ ድምጺ መውሃቢ ቦታ ኽትከይድ ኣሎካ፣ ንኣብነት ናብቲ እትሰርሓሉ ቦታ ዝቐረበ ካልእ ቦታ ኽትከይድ ኣይትኽእልን ኢኻ።

እቲ ናይ ድምጺ መውሃቢ ቦታኻ ኣብቲ ናይ ምርጫ ካርድኻ ክግለጽ ኢዩ እዚ ድማ ቀቅድሚ መዓልቲ ምርጫ፣ ሒደት ሰሙናት ኣቐዲሙ ክመጽኣካ ኢዩ።

---

**ብቡስጣ ምምራጽ:**

ኣብ መዓልቲ ምርጫ ናብቲ ናይ ድምጺ መውሃቢ ቦታ ኽትከይድ ከም ዘይትኽእል እንተ ፈሊጥካ ብቡስጣ ኽትመርጽ ትኽእል ኢኻ።

ንዕረፍቲ ገይሽካ እንድህሪ ኾይንካ ወይ ብሰንኪ ስራሕካ ናብ መደበር ድምጺ መውሃቢ ኽትከይድ እንድህሪ ዘይኽኣልካ ብቡስጣ ንኽትመርጽ ክተመልከት ትኽእል። ንዓኻ ስለ ዚጥዕመካ ጥራይ’ ውን ብቡስጣ ኽትመርጽ ትኽእል ኢኻ።

ቅድሚ እቲ ምርጫ ናይ መምረጺ ወረቓቕቲ ብቡስጣ ክመጽኣካ ኢዩ።

ብቡስጣ ንምምራጽ፣ መመልከቲ [ኣብዚ](#) ብምጥዋቕ ክተውርዲ ትኽእል።

---

**ብውክልና ምምራጽ**

ንሓደ እትኣምኖ ሰብ ኣብ ክንዳኻ ንኽመርጽ ብምሕታት

ኣብ መዓልቲ ምርጫ ናብቲ ናይ ድምጺ መውሃቢ ቦታ ኽትከይድ ከም ዘይትኽእል ትፈልጥ እንተደኣ ኼንካ ንሓደ እትኣምኖ ሰብ ክመርጸልካ ክትሓትቶ ትኽእል ኢኻ። እዚ’ ውን ናይ ውክልና ድምጺ ተባሂሉ ይጽዋዕ፣ እቲ ኣብ ክንዳኻ ዝመርጽ ሰብ ከኣ መብዛሕትኡ ግዜ ወኪል ተባሂሉ ይጽዋዕ።

እቲ ኣብ ክንዳኻ ዚመርጽ ሰብ፣ ወይ ናብ መደበር ድምጺ መውሃቢ ከይዱ ኣብ ክንዳኻ ኺመርጽ ወይ ከኣ ብቡስጣ ኺመርጽ ኪሓትት ይኽእል።

ብውክልና ንምምራጽ መመልከቲ ፎርም ክትመልእን ናብቲ ናይ ድምጺ መውሃቢ ቦታ ብኣካል ክትከይድ ዘይትኽእለሉ ምኽንያት ክትህብን ኣሎካ።

እዚ ክኸውን ዝኽእል፣ ንኣብነት ንዕረፍቲ ክትገይሽ እንድህሪ ኾይንካ ወይ ከኣ ምርጫ ኣብ ዝግበረሉ ዕለት ብሰንኪ ኣካላዊ ጸገም ናብ መደበር ድምጺ መውሃቢ ቦታ ኽትከይድ ስለ ዘይትኽእል ክኸውን ይኽእል።

ገዛ እንተ ቀይዩርካ ብውክልና ንምምራጽ ሓድሽ መመልከቲ ኽትመልእ ኣሎካ።

**ንእተወሰነ ምርጫ ዚኸውን ናይ ውክልና ድምጺ**

ንእተወሰነ ምርጫ ናይ ውክልና ምርጫ ንምግባር ነዚ ፎርም ገይርካ ኣመልከት። እዚ ክኸውን ዝኽእል ንኣብነት ንዕረፍቲ ገይሽካ እንድህሪ ኾይንካ ወይ ንስራሕ ስለ ዝገሸካ ክኸውን ይኽእል። ፎርም ንምውራድ [ኣብዚ](#) ጠውቕ።

**ቀዋሚ ወይ ንነዊሕ ግዜ ዘገልግል ናይ ውክልና ምርጫ**

ኣብ መጻኢ ወይ ንነዊሕ እዋን ናብ መደበር ድምጺ መውሃቢ ኽትከይድ እንተ ዘይክኢልካ ኻብዚእን ፎርም ንሓደ ተጠቐመሉ

እቲ ኽትመልኦ ዘሎካ ፎርም እቲ ናይ ውክልና ምርጫ ዜድልየሉ ምኽንያት ይውስኖ።

- You have a disability (PDF)
- You are away on an educational course (PDF)
- You are away for work (PDF)
- You are registered as an overseas voter (PDF)
- You work overseas for the British Council or as a Crown servant (PDF)
- You are serving overseas in the Armed Forces (PDF)